# ዕረፍቲ

# ኣባ እስቲፋኖስ ተስፋማርያም በኺት

# (ኤጳርቅና ከረን)



እስቲፋኖስ ተስፋማርያም ብ4.10.1960 ዓ/ም ካብ አቦኦም ተስፋማርያምን አዲኦም ሥላስ አብ ደረቖ ተወልዱ፡ ዕድሚኦም ንትምህርቲ ምስ በጽሐ ከአ ድሕሪኡ አብ ዘርኣክህነት

1971-19751-5 አብ ደረቖ መባእታ፡
1976-78 6-7 አብ ላሳል ከረን ማእከላይ ደረጃ፡
1978-80 8 አብ ገዳም ዘርኣክህነት ከረን
1980-82 9-10 አብ ገዳም ዘርአክህነት አሥመራ
1982-83 ተመኵሮ አብ ከባቢ ከረን
1983-85 11-12 ካልኣይ ደረጃ አብ ደብረ መድኃኔ ዓለም አሥመራ
1985-87 ፍልስፍና

1987-91 ተሎጊያ አብ ደብረ መድኃኔ ዓለም አሥመራ ምስ ፈጸሙ፡
01.04. 1990 መዓርገ ዲቍና ብብፁዕ አቡነ ዘካርያስ ዮሓንስ
18.08.1990 ክህነት አብ ኣሥመራ ብኢድ ብብፁዕ አቡነ ዘካርያስ ዮሓንስ ተቀብሉ።

ብድሕርዝ ካብ 1990-2006 አብ ዝተፈላለየ ቤተ ጸሎታትን ቍምስናታት ከም ሓጋዚ ቆመስን አብ ገሊኡ ከአ ከም ቆመስ ኮይኖም አገልገሉ። ካብዚ ንድሓር ጥዕናኦም እናደኸመ አብ ዝመጽኣሉ አብ ዓዶም ኮይኖም ውራይ ጥዕኖም ክገብሩ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብሓሙስ ዕለት 27 የካቲት 2014 አብ ደረቖ ዓረፈ፡ሥርዓተ ቀብሩ ንጽባሒቱ ዓርቢ 28 የካቲት 2014 አብ ደረቖ ተፈጸመ።

ሀቦ እግዚኦ ዕረፍተ ዘለዓለም።
ካ.ኤ.ከ